# ኣል gis ዳዕዋ

ብማሕበር እስላማዊ ምትሕግጋዝ እትዳሎ መጽሔት ቁ: (48) 01.10..2008 http://www.aldawa.de



وأذِّن في الناس بالحج يأتوك رجالاً وعلى كلِّ
ضامرٍ يأتين من كلِّ فجٍّ عميق)
صدق الله العظيم"

"ክቡራት ኣሕዋትን ኣሓትን ኣብዛ መጺሔት ሕታም ኣልዳዕዋ ቁ.48 ብሕጽር ዝበለ ብዛዕባ ኣልሓጅ ኣቕሪብና ኣለና ብስፍሕ ዝበለ ከተንብቡ ምስ እትደልዩ ኣብ መርበብ ኢንተርነት www.tigrignadawa.com/ ሓጅ:ዑምራን ዝያራን ዘርእስቱ ብሓውና ጀማል ኢብራሂም ሳልሕ እተጻሕፈ መጽሓፍ ተወከሱ::
በዚ ኣጋጣሚ"ዚ ኻኣ ንኹሎም ኣሕዋትን ኣሓትን ሎሚ ዓመት ንዝሕጅጁ ኢማንን መቕፊራን ዝታሓወሱ ሓጅ ንኽፍጽሙ ነቲ ለዋህ ልዑል ፈጥሪና ብትሕትና ንልምኖ::

### ትሕዝቶ ሕታም


ገንዘብ …( ግጥሚ)…………………( 2 )

ንያ ናይ ሓጅ ………………………( 3 )

ግድነታዊ ተግባራት ናይ ሓጅ ……..( 3 )

ሙሕሪም ዝኽልከሎም ነጥብታት…...( 4 )

ኣስሓቡል - ጀና ( ሰበ-ጀርዲን)……..( 6)

ኣብ ጽላል ኣያ(ጥቕሺ) ናይ ቁርኣን…( 8 )
ኣብኡ ኔረ…………………………….( 10)

*Der Prophet Noah…………(12)*
*Die Pilgerfahrt ist……………….( 14)*

الحج عبادة واجتماع عالمي ……..…( 20 )

.

# ገንዘብ

*ካብ መጽሓፍ ናብ ረቢ ንመለስ ብሓው:ጅብሪል ሓጅ ኣቡበከር*

ኣልሓምዱሊላህ ኽሊቕካ ዝረዘቕካ
ንኩሉ ፍጡር ሽሻይ ዝኸስኽስካ
ንዝኣመነን ንዝኻሓደን እናሃብካ
ኦ.ረቢ ምስጋና ይብጻሕካ

ሓላፊ ጌርካዮ ወዲሰብ ናይ ገንዘብ
እምበር ወሃቢ እንስኻ ኢኻ ብዘይካኻ
የለን ዝህብ
ስማዕ ወዲሰብ ብገንዘብ ኣይትጨነቕ
ናትካ ኣይኮነን ናይ ረቢ ምኻኑ ፍለጥ
ወኪል ኢኻ ከተካይዶ ገንዘብ
ቦትኡን ብዙሑን እኻ ዘይፍለጥ

ካብ ሞት ነየድሕን ገንዘብ
ምንም እንተበዝሔ ብሓራም ዝእከብ
ብሓላል ድለዮ ገንዘብ ሓደራ
ዳሕራይ ከይትጭነቕ ኣብ ኣኼራ

ናይ ገንዘብ ነገር ሕስብ ኣብሎ
ሎሚ ምሳኻ ጽባሕ ምስ ካልእ
ከምኡ እዩ ስርሑ ዝብል ልውጥውጥ

ስማዕ ወዲ ሰብ ብገንዘብ ኣይትሸገር
ምስ ዕምርኻ ጽሑፍ እዩ ካብ ቀደም
ናትካ ዝወስዶ የለን ዘይናትካ ኣይትቀበል
ቅድም ምዝጉብ እዩ ኣይትበል ሃተምተም

ርዝቂ ካብ ረቢ ምኻኑ ፍለጥ
ባዕሉ ክህበካ እዩ ጥራይ ስገድ

ብሓራም ኣይትድለ ብማሕላ
ጽቡቕ ነይነብር ብሓራም ዘዋህለላ
ብድሕሪ ሞት መን ኣሎ ተጠቐመላ

ንገንዘብ ክትብል ትእዛዝ ረቢ ኣይትሕልፍ
ሽገርገር ኣይትበል ነብስኻ ኣብላ ኣዕርፍ

ረቢ ኣነ ኽሊቕ ባዕለይ እየ ዝረዝቕ
ገንዘብ ንዝፈትዎ ንዘይፈትዎ እየ ዝህብ
ኢማን ግን ንዝፈትዎ እህቦ
ንኻልእ ግን ምንም ነየቕርቦ

ካብ ረቢ ካብ ኮነ ርዝቕና
ትእዛዙ ነኽብር ኩሉ ዝበለና
መክቱብ ካብ ኮነ ምስ ኣጀል ዕድሜና

መጺሔት ኣልዳዕዋ ብማሕበር እስላማዊ
ምትሕግጋዝ ኣብ ሃገረ ጀርመን እትዳሎ
መጺሔት እያ።
ኣድራሻ:
**Gis e.V.**
**P.O.Box 101344**
**42103 Wuppertal**
**Germany**

መርከዝ ቢላል:
Montanus Str.76
51065 Köln
**Bank:**
Deutsche bank A.G
Wuppertal
KontoNr.280 29 08
BLZ 330 700 24

## ለበዋ

ክቡር ኣንባቢ መጺሔት ኣልዳዕዋ ኣብ መዳይ ጽሑፍ እጃምካ ከተበርክት ንላበወካ።
ንእስላማዊ ትምህርቲ ዘንጸባርቕ ዝኾነ ሓሳብ ወይ ርኢቶ ዋላኳ ትርጉም ናይ ሓንቲ ጥቕሲ ቁርኣን ትኹን ካብ ምጽሓፍን ምስታፍን ኣይትቆጠብ።
ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ይብሉ:
( በሊቑ ዓኒ ወለው ኣያ)
ወላኳ ሓንቲ ጥቕሲ ኣያ ትኹን ኣብጽሑለይ።

ብተወሳኺ ዝኾነ ነቐፌታን ንጉድለታትና ዝእርም መኣረምታን ሓሳብን ከተወፋዩልና ብትሕትና ነሓተኩም።
ናብ ረቢ ዳዕዋ ምግባር ናይ ኩላትና ሓላፍነት ከምዝኾነ ኣይንረስዕ።

## መተሓሳሰቢ

ኣብ መጺሔትና ናይ ቁርኣን ጥቕስታት ኣያት ስለ ዘለዉ ብጽቡቕን ብጥንቃቐን ክትሕዝዎ ንላቦ። ከምኡ እውን ዝኾነ ኣብ መጺሔት ኣልዳዕዋ ዝቐርብ ጽሑፍ ናይ ጸሓፊኡ ርኢቶ እዩ ዝውክል።

ከምኡ እውን ናይ ዝኾነ ምስትርጓም ናይ ቁርኣን ወይ ኣሓዲስ ዝርከብ ጌጋታት ሓላፍነት ዝስከሞ እቲ ደራሲኡ እዩ።

ካብ መጽሓፍ:ሓጅ ዑምራን ዝያራን ብሓውና:ጀማል ኢብራሂም ሳልሕ ዝተወሰደ እዩ::
ብዛዕባ ሓጅን ዑምራን ኣዕቂምካን ብሰፊሑ ንምምባብ ንመጽሓፉ ተወከስ::

# ኒያ ናይ ሓጅ

ሓደ ሰብ ኢሕራም ክገብር እንከሎ ሰለስተ ኣኣይነት ኒያ ናይ ሓጅ ከምዘሎ ፈሊጡን ኣለልዩን ካብ ሰለስቲኦም ሓደ ዓይነት መሪጹ ኢሕራም ይገብር:ንሳቶም ድማ:

1.) **ተመቱዕ**:ማለት ኣብ ኣዋርሕ ናይ ሓጅ ( ወርሒ ሸዋልን ዙልቃዒዳን:ዓሰርተ መዓልቲ ዙልሒጃን)ካብ ሚቓት ኢሕራም ጌርካ ከምቲ ግቡእ ተግባራት ናይ ዑምራ ትፍጽም::ብድሕሪኡ ካብቶም ብሰንኪ ኢሕራም ተኸልኪልካዮም ዝነበርካ ነጻ ትኸዉን(ተሓሉል)ሽዑ ዓመት ድማ ንሓጅ ኢልካ ካብቲ ዘለኻዮ ዳግማይ ኢሕራም ክትገብር እንከለኻ እዩ::
2.) **ቂራን**:ማለት ዑምራን ሓጅን ብሓደ ኒያ ኣብ ሓደ ግዜ ካብ ኢሕራም ከይተሓለልካ ክፍጸም እንከሎ ቂራን ተባሂሉ ይስመ::እዚ ዓይነት ኒያ እዚ ዝወሰነ ጠዋፍ ኣልቅዱም ከም ሱን-ና እዩ ዝምልከቶ::ሳዕይ ክገብ እውን ይኽእል እዩ::እንተዘይጌሩ ምስ ጠዋፍ ኣልኢፋዳ ንኽገብሮ (ከደንጉዮ)ይኽእል እዩ::
3.) **ኢፍራድ**:ማለት ንሓጅ ጥራሕ ኣሕሪምካ ተግባራት ናይ ሓጅ ምፍጻም እዩ::ስለዚ ሓደ ሙፍሪድ ዝንይኡ ጠዋፍ ኣልቅዱም ክገብር ሱን-ና ይኸውን::ብገለ ምኽኒያት ክጠውፍ ምስ ዘይህቅን ግን ዕለት ሸሞንተ ዙልሒጃ (የውምተርዊያ)ተኸኢሉ ንሚና ይጓዓዝ::

ብዛዕባ እዞም ሰለስተ ዓይነት ኒያ ዘብርህ ቃል ስትና ዓኢሻ ረዲየላሁ ዓንሃ ትብል:
ቂራን ከምኡእውን ኢፍራድ ብዘይካ ኣብ ኒያን ሃድይን እንተዘይኮይኑ ኣብ ኣገባብ  ምትግባሮም ሓደ እዮም::ማለት ቂራን ዝወሰነ ኣብ ሓደ እዋን ዑምራን ሓጅን ክገብር ንያ ኣትዩ እሞ ኻኣ ብዓወት ክዛዝሞ  ረቢ ስለ ዘብቀየ:ምስጋና ንኣላህ ሃድይ ክሓርድ ይግባእ:(ይወጅቦ)::ኢፍራድ ንዝፈጸመ ግን ሃድይ ክሓርድ ኣይወጅቦን እዩ::

# ግድነታዊ ተግባራት ናይ ሓጅ
## (ዋጂባት ኣል-ሓጅ)

**እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ሓደ ሓጃጂ ኣብ ምትግባር ሓጁ ከተግብሮም ናይ ግድን ዋጅብ እዩ::ንሳቶም ኻኣ:**

1.) ኢሕራም : ካብ ሚቓት  ክትገብር ዋጅብ እዩ::ምኽኒያቱ ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም :ንኽብረት ሓጅን ዑምራን ኢሎም ዝወሰንዎም ቦታታት ስለ ዝኾኑን ካብኡ ኢሕራም ንኽግበር ስለ ዝኣዘዙን::

2.) ኣብ ዓረፋ ክሳብ ጸሓይ ትዓርብ ትጸንሕ ዋጅብ እዩ::ምኽኒያቱ ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ክሳብ ጸሓይ ትዓርብ  ኣብ ዓረፋ ስለ ዝጸንሑ::

3.) ኣብ ሙዝደሊፋ ምሕዳር ዋጅብ እዩ::ምኽኒያቱ ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ኣብ ሙዝደሊፋ ስለ ዝሓደሩን ንዘይክእሉ ኣረገውቲ:ነፍሲ ጾር  ህጻውንቲ ድሕሪ ፍርቂ ለይቲ ንክኸዱ ስለ ዘፍቀደሎምን::

4.) ለይቲ መዕልትታት ተሽሪቕ ማለት ንዝታሃወኸ ዕለት 11ን 12ን ንዘይተሃወኸ ዕለት 11ን:12ን:13ን:ኣብ ሚና ምሕዳር ዋጅብ እዩ::ምኽኒያቱ ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ሰለስቲኡ መዓልታት ስለ ዝሓደሩ::ግን ንዝታሃወከ እተን ክልተ መዓልታት ስለ ዝሓደሩ::ግን ንዝታሃወኸ እተን ክልተ መዕልቲ ውዒሉ ክኸይድ ረቢ ሱብሓነሁ ወታዓላ ኣፍቂዱሉ እዩ::

5.) ጀምረት ብተርታ ክትድርቢ ማለት ጀምረቱልዓቀባ ኣብ የውመናሕር(ዕለት ዓሰርተ ዙልሒጃ)እቶም ሰለስተ ጀምረት ካኣ ኣብ መዓልታት ኣያም ኣልተሽሪቕ ክትድርቢ ዋጅብ እዩ::ምኽኒያቱ ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ብጀምረትኣልዓቐባ ጀሚሮም ኣስዒቦም ድማ  ነቶም ሰለስተ ጀመራት ኣብ ኣያም ኣተሽሪቕ  ስለ ዝደርበዩ::

6.) ምልጻይ ወይ ምሕጻር ዋጅብ እዩ::

7.) ናይ ሰንበት ጠዋፍ ( ጠዋፍኣልወዳዕ)ዋጅብ እዩ ብዘይካ ንሓራስን ወርሓዊ ኣበባ ዝመጻ ጓል ኣንስተይቲን ካብዘን ዝተገልጻ ነጥብታት ሓንቲ ዝገደፈ ክሓርድ ግድን (ዋጅብ)ይኸዉን::ብዘይካ እዞም ዋጂባት ከምኡዉን ኣርካን ተባሂሎም ዝተጠቐሱ ካልኦት ተግባራት ይኹኑ ቃላት ሱናን እዮም::ንኣብነት ደቂ ተባዕትዮ ጸሕዳ ዝሕብሩ ክዳን ናይ ሓጅ(ኢዛር-ሪዳእ)ክኸደኑ:ተልቢያ ካብ ኢሕራም ጀሚሩ ክሳብ ሓጀረትልኣስወድ ኣብ ዑምራ::ኣብ ሓጅ እውን ክሳብ ጀምረትልዓቐባ ክትግበር::ኣብተን ቀዳሞት ሰለስተ ጠዋፍ ቅልታፈ ክትግበር::ኣብ ጠዋፍ ኣልቐዱም የማናይ ኢድካን መንኩብካን ልዕሊ ኢሕራም ክትውጽኦ::ሓጀረትልኣስወድ ክትስዕም::ኣዝካር ዱዓታት ወዘተ….ክትገብር::

መዘኻኸሪ::

<u>**ሩኩን**</u> ዝገደፈ ነታ ዝገደፋ ሩን ክትክእ ይግባእ::እንተዘይተኪእዋ ግን እቲ ሓጅ ይፈርስ::

**ዋጅብ**:ዝሓደገ ክሓርድ ናይ ግድን(ዋጅብ) እዩ::

**ሱን-ና** ዝገደፈ ወላሓንቲ ኣይሕተትን እዩ ሓጅ ናቱ እውን ብቑዕ ይኸውን::

# <u>ሙሕሪም ዝኽልከሎም ነጥብታት</u>

ብሕፈሻ ወዲተባዕታይን ጓልኣንስተይትን ዝኽልከልዎም ነገራት::

1.) ካብ ሕሜታን ሓሶትን ናብ ዘየድልዩኻ ሓራም ዝኾኑ ነገራት ምጥማትን እዚ ክባሃል እንከሎ ኣብ ግዜ ኢሕራም ጥራሕ ማለት ዘይኮኑስ ኩሉ ግዜ ክትክልከሎም ዝግባኣካ ነጥብታት እዮም ::ግን ብዛያዳ ኣብ ኢሕራምካ ፈጺምካ ክትቁጠብ ይግባኣካ::

2.) ዝኾነ ጸግሪ ካብ ኣካላትካ ክትሰድድ የብልካን::
3.) ጽፍርኻ ምስዳድ ክልኩል እዩ::
4.) ጨና ኣብ ኣካላትካ ኮነ ኣብ ኢሕራም ክትለክይ ወይ ክትንስንሰሉ ክልኩል እዩ::
5.) ናብ ምግሳስ ዝሕውኹ ቃላትን ተግባራትን ክትክልከል::
6.) ንነብስኻ ሕጸ ኮነ ዓቕዲ (መርዓ)ክትገብር ከምእውን  ንኻልኦት ከተዕቕድ ኩልኩል እዩ::
7.) ሲጋዊ ርክብ ክትፍጽም ኩልኩል እዩ::
8.) ዝኾነ ዓይነት ሃድን ወይ ዘይጓዳኢ እንስሳታት ኣብ ልዕሊ መሬት ዝርከቡ ክትሃድን ወይ ንኽሃንዱልካ ክትእዝዝ ወይ ዉን ንሃዳናይ ክትሕብር ኩልኩል እዩ::ሃድን ኩልኩል ምኻኑን ንዝሃደነ እንታይ ዓይነት መቕጻዕቲ ከምዝግበኦን ኣመልኪቱ ልዑል ኣላህ ይብል:


يَـٰٓأَيُّهَا ٱلَّذِينَ ءَامَنُوا۟ لَا تَقْتُلُوا۟ ٱلصَّيْدَ
وَأَنتُمْ حُرُمٌ ۚ وَمَن قَتَلَهُۥ مِنكُم مُّتَعَمِّدًا فَجَزَآءٌ مِّثْلُ مَا قَتَلَ مِنَ ٱلنَّعَمِ
يَحْكُمُ بِهِۦ ذَوَا عَدْلٍ مِّنكُمْ هَدْيًۢا بَـٰلِغَ ٱلْكَعْبَةِ أَوْ كَفَّـٰرَةٌ طَعَامُ
مَسَـٰكِينَ أَوْ عَدْلُ ذَٰلِكَ صِيَامًا لِّيَذُوقَ وَبَالَ أَمْرِهِۦ

ኣብ ባሕሪ ዝርከቡ እንስሳታት ክትሃድን ፍቑድ እዩ::

ሓደ ሙሕሪም  ብዘይ ፍላጥ ወይ ምርሳዕ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ነጥብታት ዝወዓሎም መጸገኒ (ፍድያ)ናይ ጌጋታቱ ኣይሕተትን እዩ::ግን ካብቲ ዝፈለጠሉን ዘስተውዓለሉን ግዜ ኣትሒዙ ካብ ጌጋኡ ክቑጠብ ይግበኦ::እናፈለጠ ዝፈጸሞም ግና መጸገኒ ናይ ጌጋታቱ ይሕተት ንሳቶም ድማ:

**ቀዳማይ**:ሕጸ ወይ ዓቕዲ ዝገበረ ወይ ዝዓቐደ ብመጀመርያ እተ ሕጸ ይኹን ዓቕዲ ኣብ ቅድሚ ረቢ ተቐባልነት የብሉን (ፋስድ)ብተወሳኺ ህጹጽን ብቑዕን ቶባ ከምኡውን እስቲቕፋር ክስዕበሉ ይግብእ::

**ካላኣይ**:ሓሶት ሕሜታ ናብ ሓራም ምጥማጥ ዝተቃለዔ ካብ ዘንቡ ንኽምሓር ዝግባእ ኢስቲቕፋርን ቶባን ከብዝሕ ይግብኦ::

**ሳልሳይ**:ቅድሚ ተሓሉል ኣልኣወል ስጋዊ ርክብ ዝፈጸመ ኣርባዕተ ዓይነት መቕጻዕቲ ይግበኦ::ንሳቶም ካኣ:

1.)ሓጁ ተበላሽዩን ፈሪሱን:
2.)እቲ ዝተረፎ ተግባራት ናይ ሓጅ ይምልኦ::
3.)መጸገኒ (ፍድያ)ገመል ይሓርድ ወይ ዓስር መዓልቲ ይጸውም ማለት 3 ኣብ ሓጅ 7 ምስ ተመለሰ::
4.)ነኢ ሓጅ ንዓመትኡ ይትከኦ ( ይቕድዮ)ድሕሪ ተሓሉል ኣልኣወል እንተኾይኑ ግን ፍድያ መጸገኒ በጊዕ ክሓርድ ይግደድ( ይወጅቦ)ሓጁ ብቑዕ እዩ::

ራብዓይ:ጸጉሪ ምስዳድ ጨና ምልካይ ንምግሳስ ዝህውኹ ተግባራት ዝፈጸመ ካብዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ዓይነት መቕጻዕቲ ሓንቲ መሪጹ ይፍጽም::ንሳቶም ድማ ሰለስተ መዓልቲ ይጸውም:ወይ ሽዱሽተ ድኻታት መግቢ የብልዕ ወይ በጊዕ ይሓርድ::

## ንሙሕሪም ካብ ዝፍቀድዎ ነገራት

1.) ክዳን ናይ ኢሕራም ክትሓጽቦ ክትቅይሮ ፍቑድ እዩ
2.) ነብስኻ ክትሓጽብ ርእስኻ ብሮኪስ ኣገባብ ክትሓክኽ ፍቑድ እዩ::
3.) መነጽር ናይ ዓይኒ:ሰዓት ክትለብስ ፍቑድ እዩ:
4.) ኢሕራምካ ብፊትሊ ክትኣስሮ ፍቑድ እዩ
5.) ማሕጎማ ዝደሊ ክሕጎም ፍቑድ እዩ::
6.) ኣብ ርእሲ ዘይለግብ ከም ጽላል ኣብ ትሕቲ ገረብ ቴንዳ መኪና ከተጽልል ፍቑድ እዩ::
7.) ብገለ ምኽኒያት ጽፍርኻ ምስ ዘቕንዝወካ ክትሰዶ ፍቑድ እዩ
8.) ዕጣቕ ዝሽዉን ቁልፊ ክጥቀም ቦርሳ ክትኩልኮል ፍቑድ እዩ::

وَأَتِمُّواْ الْحَجَّ وَالْعُمْرَةَ لِلّهِ فَإِنْ أُحْصِرْتُمْ فَمَا اسْتَيْسَرَ مِنَ
الْهَدْيِ وَلاَ تَحْلِقُواْ رُؤُوسَكُمْ حَتَّى يَبْلُغَ الْهَدْيُ مَحِلَّهُ فَمَن كَانَ مِنكُم مَّرِيضاً أَوْ بِهِ
أَذًى مِّن رَّأْسِهِ فَفِدْيَةٌ مِّن صِيَامٍ أَوْ صَدَقَةٍ أَوْ نُسُكٍ فَإِذَا أَمِنتُمْ فَمَن تَمَتَّعَ بِالْعُمْرَةِ
إِلَى الْحَجِّ فَمَا اسْتَيْسَرَ مِنَ الْهَدْيِ فَمَن لَّمْ يَجِدْ فَصِيَامُ ثَلاثَةِ أَيَّامٍ فِي الْحَجِّ وَسَبْعَةٍ
إِذَا رَجَعْتُمْ تِلْكَ عَشَرَةٌ كَامِلَةٌ ذَلِكَ لِمَن لَّمْ يَكُنْ أَهْلُهُ حَاضِرِي الْمَسْجِدِ الْحَرَامِ
وَاتَّقُواْ اللّهَ وَاعْلَمُواْ أَنَّ اللّهَ شَدِيدُ الْعِقَابِ

# *ኣስሓቡል - ጀና ( ሰበ-ጀርዲን)*

*ብሓፍትኹም:እሙ ኣይመን*

ኣብ ዕዙዝ ቁርኣና ዝተፈላለየ ዛንታትት ተዘንትዩ ይርከብ::ብዛዕባ ተግባራትን ፍጻሜታትን ኣብ ሂወት ደቂ ሰባት ከምይ ከምዝነበረን እሞ ካብኡ ጠቓሚ ትምህርትታ ንምቕሳምን ምስቲ ወድዓዊ ናብራናን ተግባራትናን ብምምዛን ንተግባራትና ንምዕርራይን ንሓሳባትና ንምምዕባልን ዝጠቅም ኣስተምህሮታት እዩ::
ሎሚ ኣብዛ ሕታም ዘቕርባ ዘለኹ ዛንታ ብዛዕባ ኣስሓቡል-ጀና( ሰብ-ጀርዲን)ትብል ኣርእስቲ ዝሓዘለት እያ::

ኣብ ሰንዓእ: ሓደ  እምነቱ ብኣላህ ጽኑዕ ዝኾነ ሰብኣይ ነበረ::እዚ ሰብ"ዚ ሓንቲ ጀርዲን ይውንን ነበረ::እዛ ጀርዲን እውን ዝተፈላለየ ዓይነት ፍርይታት ትህቦ ነበረት::እዚ ኣማናይ እዚ ኣብ ግዜ ማእቶት ካብ እቶቱ ንዘኽታማትን ድኻታትን ስኡናትን ምሕጋዝን ምሃብን ንቡር ልምዱ እዩ::ብኻልእ ኣዘራርባ ካብቲ ረቢ ዝሃቦ ነቶም ስኡናት እውን ሰደቓ ይህብ ነበረ::
ግዜ ሞቱ ቀሪቡ ምስ ዓረፈ ኻኣ:እታ ጀርዲኑ ብሰለስተ ደቁ ተወርሰት::ደቁ ግን ከምቲ ወላዲኦም ናይ ጽቡቕ ስራሕ ክሰርሑን ኣሰሩ ክኸተሉን ኣይደለዩን::"" ንሕና ደቅና እናበዝሑ እዮም ዝኸዱ ዘለዉ እቲ ጀርዲና ተውጺኡ ዘላ እቶት ካኣ ንዓና ኣኺሉስ ንድኻታት ዝተርፍ ኣይኮነን: እሞ እቲ ንመሳኪን ዝዋሃብ ዝነበረ ጠጠው ክብል ኣለዎ"ዝብል ሓሳባት ነንሕድሕዶም ተለዋወጡ::ነዚ መሰል ድኻታት ንነዊሕ እዋን ብወላዲኦም ዝፍጸም ዝነበረ ሰናይ ተግባር ጠጠው ንምባልን ንድኻታት እቲ ዝዋሃቦም ዝነበረ ሓገዝ ንምኽልካልን ካኣ :ኣንጊሆም ብምትሳእ ሰብ ከይራኣዮም ድኻታት ከይሰምዑን ከይራኣዩን ነቲ ፍርያቶም ንክቕንጥቡን ክኣርዩን ተሰማምዑ::ኣቲ ማእከላይ ሐዎም ግን ግደፉ ከምታ ወላዲና ዝስደቆ ዝነበረ ንግበር በሎም።ንሶም ግን ዘረባ ሓዎም ክሰምዑ ኣይደለዩን::

ኩሉ ነገር ኣብ ኢድ ኣላህ ምኻኑን ኣላህ እውን ነቲ ዝኣለምዎ ሕማቕ ተግባር ይርኢን ይዕዘብን ምህላዉ ብምርሳዕ:ኢሻኣላህ ዝብል ቃል እውን ጥቓ ኣእምሮኦም ክቐርብ ኣይገደፉን::
ኣላህ ግን እቲ ማንም ገለ ነገር ዘይስወሮን ዘይሕበኣን:ብለይቲ ደቂሶም እንከለዉ ነታ ጀርዲኖም እሳት ብምስዳድ ከምትቃጸልን ከምትነድድን ገበራ::እታ ጀርዲን"ዉን ጀርዲን ከምዘይነበረት  ከም ግብ ዝበለ ጸልማት ተለወጠት::

እቶም ሰለስተ ኣሕዋት ካብ ድቃሶም ተሲኦም ነቲ ብለይቲ ዝኣለምዎን ዝወጠንዎን ንምትግባር ካኣ ኣንጊሆም ብምትሳእ ነንሕድሕዶም " *እንተዳኣ ብእዋኑ  ንፍርያትኩም ክትኣርዩ ብሓቂ ትሓስቡ እንተለኹም ብእዋኑ ኪዱ*"":ነንሕድሕዶም ብትሑት ድምጺ እንዳተዛረቡን ናብታ ጀርዲኖም ኣንፈት እንዳተቐላጠፉ ነቐሉ::እዚ ኻኣ ካብቶም ድኻታት ንኸይርእዮም ስለ ዝፈርሁ::ከምዚ ኻኣ በሉ:"" *ሎሚ ሓደ ካብቶም ድኻታት ናብዛ ጃርዲንና ከይትእትዉ*"" ዕላማና ተጋናጺፉልና እዩ ፍርያትና ንዓና ጥራይ እዩ ክኸውን:ዝብል ሓሳባት ኣብ ኣእምሮኦም እናኾለለ እንከሎ :ሽዑ እታ ጀርዲኖም ሓሪራ ምስ ረኣይዋ " *መንገዲ ኢና ተጋጊና ደኣ"ምበር እዚኣስ ጀርዲና ኣይኮነትን*" ዝብል ሓሳብ ሓሰቡ:ግን እቲ ሓቂ ጃርዲኖም ምኻናን እሞ ኣላህ እሳት ልኢኹ ከምዘይነበረት ከምዝገበረን ምስ *ኣስተውዓሉ*"" *."ኣይፋሉን ብሰንኪ እከይ ሓሳብና እባ ተቐጺዕና ካብ እቶት ጀርዲና ተሓሪምና* ""ተበሃሃሉ::
እቲ ዝበለጸ ዓቃል ዝነበረ ካብቶም ኣሕዋት " *ኣይበልኽኹምን ዶ ስለምንታይ ኢንሻኣላህ ዘይበልኩም"በሎም:*

እወ ነፍስና ደድሕሪ ቃሕታ ድልየታ ኣብ ትጎተና እዋን  ረቢ ኣዘኪሩ ናብ መገዱ ዘምልስ ናይ ዓቃል ዘረባ ኩሉ ግዜ ኣድላይን ኣገዳስን እዩ::ትዕቢት ምስ ዝዕብልል ግን ናይ ዓቃል ሰብ ዘረባ ጸማም እዝኒ ዝዋሃበሉ ግዜታት እውን ውሑድ ኣይኮነን::እነሆ እውን እዞም ኣሕዋት ነዚ ወቐሳ ዝሓዘለ ዘረባ ሓዎም ክሰምዑ ኣይደለዩን::ብኣላህ ዝተዋህቦም ልግሲን ጸጋን:እቲ ንድኻታት ከውጽእዎን ክህብዎን ክተኸብዎን ዝግባእ ሓገዝ ንምቁራጽን ጠጠው ንምባል ናይ ሽይጣን ስራሕን መንገዲ ኣላህ ዘይምኽታልን እዩ::ሳዕቤኑ ኻኣ ከምቲ ዝራኣናዮ

ዕንወትን ኽሳራን የምጽእ::ግን ጣዕሳ ኣብዘይጠቕመሉ ግዜ እቶም ሰብ ጃ፝ርዲን:""**ፍጹም ንጽህና ይኹኖ ኅይታና ብርግጽ ንሕና ኢና ነብስና ዝወጻዕናያ** "በሉ:( ብሰንኪ ንድኻታት ምኽልካሎም) ሽዕኡ ናብ ነንሕድሕዶም ተመሊሶም ተወቓቐሱ::ወቐሳ ኣብዘይጠቕመሉ ግዜ::

ከምዚ እውን በሉ:*""ወይልና ብርግጽ ንሕና ኢና ጸጋ ኅይታና ዘየመስገና ትዕቢተኛታት ኢና*" ዘካት(ምጽዋት) ምውጻእ ንድኻታትን ንዘኽታማትን ንስኡናትን ካብቲ ረቢ ዝለገሰልካ ምኽልካል ዓቢይ ዘንቢ እዩ: ገበን ካኣ እዩ::ረቢ እውን ብዘይ ሓደ መቕጻዕቲ ኣይሓልፎንን ኣይሰግሮን እዩ::ከምዛ ኣብዛ ዛንታ ሰብ ጃ፝ርዲን ትብል ዝተተዘንተወልና ኻኣ:እቲ ዓስቢ ንድኻታት ክኽልክሉ ዝሓሰብዎ ንባዕሎም ካብቲ ናቶም ፍርያታት እውን ተኽልከሉ:ከምኡ እዩ እቲ መቕጻዕቲ:*ኣረ እንተዝፈልጡ:መቕጻዕቲ ኣኼራ (ምጽኣተ ዓለም)ዝዓበየን ዝበርተዐን እዩ::*

ኣብዚ እውን ንነፍስና ክንሓትት ይግባእ::ካብቲ ረቢ ዝሃበና ጸጋን ልግስን ከ ነቶም ስኡናት ኣሕዋትናን ቤተሰብናን ክሳብ ክንደይ ኢና ግቡእና ንፍጽም::እቲ ኣብ ኢድና ዘሎ ልግሲ ካባና ከይከደ ነቶም ዝግበኦም ድኻታትን ዘኽታማትን እናተቐላጠፍና ምሃብ ዶ ኣይሓይሽን::

እምበኣር ነዛ ንእሽቶይ ዛንታ ሸይኽ ዓሊ ኣልጠንጣዊ ዘዘንተዋ ምሳይ ተዓዘቡ:እቲ ሸይኽ ይብል:

"" መግዛእቲ ኣብ ኣልሻም( ሶርያ) ምስ ኣተወ እሞ ዘስካሕክሕ ነገራት ኣብ ምፍጻም ምስ ጀመረ ገዛውቲ ናይ ብዙሓት ሰባት ካኣ ዓነወን ፈረሰን::እሞ ነቶም ብሰንኪ እዚ መግዛእቲ ዝደኸዩን መግቢ ዝስኣኑን ኣነ ካብቶም ሃብታማት ሰባት ገንዘብ ይእክብን ነቶም ድኻታት ካኣ መግቢ ይሕግዝን ነበርኩ::
ሓደ ግዜ ናብ ሓደ ሃብታም ሰብኣይ ከይደ ሓገዝ ምስ ሓተትክዎ ሓንቲ ደርሃም ትኸዉን ሓገዝ እውን ክህበኒ ኣይደለየን::ኣዝየ ኻኣ ሓዚነ::

ብዝሒ ናይ ድኻታትን ስኡናትን እናበዝሐ ይኸይድ ካኣ ነበረ::ሓደ ግዜ ከም ኣመለይ መግብን ብልዕን ናብቲ ድኻታት ዝነብርሉ ቴንዳታት እናኸድኩ ይዕድል ኣብ ዝነበርክሉ ግዜ:ሓደ ሰብኣይ ምስ ረኣየኒ ካባይ ሓፈሩ ተኣልየ::ኣነ ኻኣ ደድሕሪኡ ሰጎምኩ ግን እሱ ክርእየኒ ድልየት ኣይነበሮን::ኣብ መጨረሽታ ገጽ ንገጽ ተራኣና::ኩነታቱ ኣዝዩ ኣስጋእን ዝበኣሰ ኻኣ ነበረ::እዚ ሰብ እዚ እቲ ሃብታም ዝነበረ ሰብኣይ እሞ ምሕጋዝ ዝኣበየኒ ሰብ ነበረ::ከምዚ ኢሉ ኻኣ ባዕሉ ተዛረበኒ"" እወ ኣነ እየ እቲ ሃብታም ዝነበረ ሰብ::ንብረተይን ገንዘበይን ኩሉ እቲ መግዛእቲ ካባይ ወሲድዎ::ኩሉ ንብረተይ ንዓኻ ሂበ ንድኻታት ምዕዳል ምሓሸ ኔሩ::ኣጅሪ እውን ምስ ረኸብኩ::ግን ሕጂ ኣይ ኣዱንያ ኣይ ኣኼራ ኩሉ ኸሲረ""ይብል::

ክቡር ኣንባቢ መቐረት ናይ ቁርኣን ንምፍላጥን እቲ ቀንዲ ከመሓላልፎ ዝድለ ትምህርትን ስሚዒትን ንምቕሳምን በቲ ዝወረዶ ቃንቃ ዓረብኛ ምቕራእን እዩ እቲ ዝበለጸ::ነዛ ዛንታ እውን ባዕልኹም ቀሲ ኢልኩም ክትቀርእዋ እዕድመኩም::እቲ መሳጥን ሰሓብን ኣቀራርባ ናይ ዛንታ ባዕልኹም ኣስተማቐርዎ:እሞ ነዚ ትርጉም እውን ኣይከድልየኩምን እዩ::

# 68- سورة القلم

إِنَّا بَلَوْنَاهُمْ كَمَا بَلَوْنَا أَصْحَابَ الْجَنَّةِ إِذْ أَقْسَمُوا لَيَصْرِمُنَّهَا مُصْبِحِينَ (17) وَلا يَسْتَثْنُونَ (18)
فَطَافَ عَلَيْهَا طَائِفٌ مِنْ رَبِّكَ وَهُمْ نَائِمُونَ (19) فَأَصْبَحَتْ كَالصَّرِيمِ (20)
فَتَنَادَوا مُصْبِحِينَ (21) أَنْ اغْدُوا عَلَى حَرْثِكُمْ إِنْ كُنتُمْ صَارِمِينَ (22)
فَانطَلَقُوا وَهُمْ يَتَخَافَتُونَ (23) أَنْ لا يَدْخُلَنَّهَا الْيَوْمَ عَلَيْكُمْ مِسْكِينٌ (24).
وَغَدَوْا عَلَى حَرْدٍ قَادِرِينَ (25)
فَلَمَّا رَأَوْهَا قَالُوا إِنَّا لَضَالُّونَ (26) بَلْ نَحْنُ مَحْرُومُونَ (27) قَالَ أَوْسَطُهُمْ أَلَمْ أَقُلْ لَكُمْ لَوْلا تُسَبِّحُونَ
(28) قَالُوا سُبْحَانَ رَبِّنَا إِنَّا كُنَّا ظَالِمِينَ (29) فَأَقْبَلَ بَعْضُهُمْ عَلَى بَعْضٍ يَتَلاوَمُونَ (30) قَالُوا يَا وَيْلَنَا إِنَّا

كُنَّا طَاغِينَ (31) عَسَى رَبُّنَا أَنْ يُبْدِلَنَا خَيْراً مِنْهَا إِنَّا إِلَى رَبِّنَا رَاغِبُونَ (32) كَذَلِكَ الْعَذَابُ وَلَعَذَابُ الآخِرَةِ أَكْبَرُ لَوْ كَانُوا يَعْلَمُونَ (33)

# ኣብ ጽላል ኣያ(ጥቕሺ) ናይ ቁርኣን

إِنَّ فِي خَلْقِ السَّمَوَاتِ وَالأَرْضِ وَاخْتِلافِ اللَّيْلِ وَالنَّهَارِ وَالْفُلْكِ الَّتِي تَجْرِي فِي الْبَحْرِ بِمَا يَنفَعُ النَّاسَ وَمَا أَنزَلَ اللَّهُ مِنْ السَّمَاءِ مِنْ مَاءٍ فَأَحْيَا بِهِ الأَرْضَ بَعْدَ مَوْتِهَا وَبَثَّ فِيهَا مِنْ كُلِّ دَابَّةٍ وَتَصْرِيفِ الرِّيَاحِ وَالسَّحَابِ الْمُسَخَّرِ بَيْنَ السَّمَاءِ وَالأَرْضِ لآيَاتٍ لِقَوْمٍ يَعْقِلُونَ (164)

ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ ኣብዛ ኣያ እዚኣ ብዙሕ ምልክታትን ይጠቅስ::በታ ቀዳመይቲ ነጥቢ ይብል:

إِنَّ فِي خَلْقِ السَّمَوَاتِ وَالأَرْضِ

(ኢና ፊኽልቂሰማዋቲ ወልኣርድ ) ማለት ኣብቲ ኣፈጣጥራ ወይ ፍጥረት ሰማይን መሬትን :እሞ ዝኾነ ሰብ ከምዝፈልጦ ሰማይ ሰፋሕ ምኻናን ኣብ ልዕሌና ከምዘላ ኣብኡ ከዋኽብቲ ንርኢ ከምዘለና:ከምኡውን ርሕቀታን ስፍሓታን:እዚ ብዓይንና እንሪኦ ዘለና: ኣላህ ፈጣሪ ከምዝኾነ እኹል መርትዖ ከምዝኾነ ይሕብረና ::
ግን እንተዳኣ ተማሂርካ እሞ ተመራሚርካ ካብኡ ዝያዳ መርተዖታት ክትፈለጥ ኢኻ :ዘገርም ፍጥረት ክትርኢ ኢኻ::ግን ወላዉን ትምህርቲ ዘይብልካ እንተኾይንካ:ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ እቲ ብዓይንኻ እትሪኦን ብኣእምሮኻ እትርድኦ: ኣላህ ሰብሓነሁ ወታዓላ ምልክታትን ሓቤረታን ይህበካ ኣሎ:እሞ እነሄትልካ እዛ ሰማይ እዚኣ ኣፈጣጥራኣ ተዓዘባ:ከምኡውን እዛ መሬት ተዓዘባ:ሰጥ ኢላ ኣብ ልዕሊኣ ከምትነብር ምቾእቲ ተጌራ::እቲ ዘገርም ካኣ መሬት ከባብ እንከላ: እቲ ብልዕሊኣን ብትሕቲኣን ዘሎ ፍጡር ኣብዘለዎ ሃልይዎ ቦታታት ደው ኢሉ እናተንቀሳቐሰ ይነብረላ:: ኣብ ርእሲኡ እውን መዓት ጎቦታት:መዓተ ስንጭርን ማእለያ ዘይብሎም ፍጡራት ጸንቢራ ትርከብ:::እዛ መሬት እውን ሓደ ሓደ ግዜ ተንቀጥቅጥ:እሳተ ጎመራ ካብ ውሽጣ ይወጽእ:በብዓይነቱ ፍጥረታት ናይ

ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ ንግሆን ጸበሔን ንሪኦን ንዕዘቦን ኣለና::እሞ እዚ ቅሩብ ኣይተሓሳሰበናን ድዩ::

وَاخْتِلافِ اللَّيْلِ وَالنَّهَارِ

እዚ ጥራይ ኣይኮነን ( ወኽቲላፍ ኣልለይል ወናሃር)ከምኡዉን:ለይቲን መዓልትን ከመይ ጌሮም ከም ዝተኻኸኡ ማለት:ለይቲ መዓልቲ ይትከኦ መዓልቲ ኻኣ ንለይቲ ይትክኦ:ግዜኦም ሓልዮም በቢ.ታርተኦም ይመጹ::ከምእውን ጸሓይን ወርሕን በቲ ኣላህ ዝሓንጸጸለን ኣብቲ እተመደበለን ቦታ እናዘራ ኣብቲ ግዜአን ከይተጋራጨዋ ይመጻ ::እሞ ንዝመራመር ሰብ:መንዩ ሒዝዎን ዘሎ:እንታይ ኮይነን እየን ዘይጋራጨዋ::ሓደ ንገር ብዘይ ስርዓት ዝኸይድ እንተዳኣ ኮይኑ ንኣብነት ንዓመት ንኽልተ ዓመት ምናልባት ከይተጋራጨወ ይኸይድ ይኽውን ግን ንኣማኢት ዓመታት ብዘይ ገለ ጸገማትን ምግርጫዊት ክቕጽል:ናይ ግድን ንዑ ዝመርሕን ዘካይድን ጎይታ ኣሎ ኣብ ዝብል ውጽኢት ኢኻ ትበጽሕ:

وَالْفُلْكِ الَّتِي تَجْرِي فِي الْبَحْرِ بِمَا يَنفَعُ النَّاسَ

( ወልፉልኪ ኣልለቲ ተጅሪ ቢማ የንፈዑ እልናስ) ኣልፉልክ ማለት ድማ መራኪብ ማለት እዩ::እዚ ድማ ሓደ ካብቲ ተኣምር እዩ::ኣልላሁ ሱብሓነሁ ወታዓላ ባሕሪ ኸሊቑ:ብመርከብ ኣብ ባሕሪ ኣብ ዝባን ማይ: ኩሉ ጥሬትካን ንዓኻ ዘድልየካን ዝጠቕመካን

ሒዛ ካብ ሓደ ሃገር ናብ ካልእ ሃገር ከምተንሰንፍፍን ከምትኸይድን ጌሩ::እዚ እውን ጸጋን ሸሻይን ናይ ኣላህ ስለ ዝኾነ:ኣላህ የዘኻኽረና ኣሎ::

وَمَا أَنزَلَ اللَّهُ مِنْ السَّمَاءِ مِنْ مَاءٍ فَأَحْيَا بِهِ الأَرْضَ بَعْدَ مَوْتِهَا وَبَثَّ فِيهَا مِنْ كُلِّ دَابَّةٍ

ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ እውን:ካብ ሰማይ ማይ ብምውራድ ነታ ደሪቓ ጸሚኣን ምይታን

ዝነበረት መሬት: ከም ትሓውይን ትለምዕን ይገብራ::ሓመድ ጥራይ ዝነበረ ቀጠልያ ትኸየር::
እኸሊ ይበቁል:እዛ መሬት እውን ምስ ሓወየት ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ በብዓነቱ እንስሳታት ኣብ መሬት ዝንቀሳቐስ ፍጡር ፈጢሩላ ::በብዓይነቶም ብሕብሪ ኾነ ብክብደት ኮነ ዝፈላለዩ ፍጡራት ኣላህ ፈጢሩ::እዚ እውን ዓቢ ምልክትን ተኣምርን ይኸዉን::

وَتَصْرِيفِ الرِّيَاحِ

ካልእ ኣገዳሲ ምልክት እውን( ተስሪፍ ኣልሪያሕ)እዚ ማለት ካኣ ናይ ንፋስ ምንቅስቓሳት ማለት እዩ::ነዚ ንፋስ ዘንቀሳቕሶ ኻኣ ኣላህ እዩ:ንፋስ እውን ሓደ ግዜ ራሕማ ክኸዉን እንከሎ:ማለት ግመ ሒዙ ጸጋ ሒዙ ይመጽእ::ካልእ ግዜ እውን ስቓይ ክኸውን ይኽእል እዩ::ከምቲ ኩላትና እንሪኦ ንፋስ ንገዛ የፍርስ:ንዘራእቲ የጥፍእ::እዚ ኹሉ ግን ብትእዛዝን ክእለትን ኣላህ እዩ ዝኸዉን::

وَالسَّحَابِ الْمُسَخَّرِ بَيْنَ السَّمَاءِ وَالأَرْضِ

(ወሰሓብ ኣልሙሰኸር በይንኣሰማኡ ወልኣርድ)እዚ ኣብ መንጎ ሰማይን ምድርን ዘሎ ሰማይ እውን መን እዩ ሒዝዎን ዘንቀሳቕሶን ዘሎ::ኣላህ ሰብሓነሁ ወታዓላ እዩ::እዚ ግመ ድማ ኣላህ ሱብሃነሁ ወታዓላ ብንፋስ ጌሩ ናብ ማይ ከምዝልወጥ ይገብሮ::እዚ ኹሉ ምልክታት ካኣ ነቶም ኣእምሮ ዘለዎም ሰባት ህላውነት ናይ ኣላህ እዩ ዘረጋግጽን ዝሕብርን ዘመልክትን::

ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ ድሕሪ እዚ ኩሉ ምልክታትን ምስ ጠቐሰ: ኣብ መጨረሽታ እንተዳኣ ርኢናዮ እንታይ ይብል:

لآيَاتٍ لِقَوْمٍ يَعْقِلُونَ

( ላኣያቲን ልቀሚን ያዕቂሉን ) ድሕሪ እዚ )

ኩሉ መርተዖን ሓቤረታን :ኣላህ እሱ እዩ እቲ ሓደ ጎይታን ኣምልኾት ክዋሃቦ ዝግባእ::ኣላህ ረሒም ስለዝኾነ እሞ ካብቲ ስቅያቱ ተገላጊልጋ ጀና ክንኣቱ ስለ ዝደለየልና ይሕብረናን ይገልጸልናን ኣሎ::

ኣብ ጥፍኣት ንኸይትነብር ኣላህ መርትዖታት እናሃበ ልኡኻት እናላኣኸ ኪታብ እናውረደ ኣብ ርእሲኡ እውን ኣብዛ ኣልዱንያ ኣብ ቅድሚ ዓይንኻ ትሪኦ ዘለኻ ብዙሕ ምልክታት ኣሎ:እሱ ሓደ ጎይታን ፈጣሪን ምኧኑ እሞ ብዘይካ ንዕኡ ንኻልእ ፈጺምካ ኣምልኾት ንኸይትህብ:: ዘርብኡ ጥራይ ንኽትሰምዕ ምእዙዝ ጥራይ ንኽትከዉን:ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ ኣብቲ ሃዋዊኻ ዘሎ:ኣብ ጥቓኻ ዘሎ እቲ ብዓይንኻ እትሪኦን ብኢድካ እትትንክፎን ነገራት ብእኡ ሓቤሬታ ጎይታ ይህበካ ኣሎ ማለት እዩ::
ግን ምናልባት እንስኻ ነዚ ምልክታት እዚ ብዙሕ ስለ እትሪኦ መዓልታት ስለ ዘጋነፈካ ንዓኻ ኣይፍለጠካን ኣይስማዓካን ይኸዉን::ግን ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ እዚ ጉዳይ ቀሊል ኣይከውንን :እዚ ምልክታት ኩሉ ግዜ ክትዕዘቦን ክትመራመረሉን ኣለካ::ነፍስኻ እውን ክትሓታ ኣለካ:እዚ ሰማይ መን ኸሊቐዎ:እዚ መሬት እዚ መን እዩ ፈጢርዎ:ስፍሓቱ ክንዲ ምንታይ እዩ:ኢልካ ብዛዕባ እዚ ኹሉ ክትመራመረሉ እንከለኻ:ናበይ እዩ እዚ ምምርማር ዝወስደካን ዝመርሓካን:ግዴታ እዚ ዓለም በዚ ኣደናቒን ኣገራምን ብዝበለጸ ስርዓትን ኣገባብ ተፈጢሩ ዘሎ:እሱ እቲ ሓደ ኣላህ ኣምልኾት ክዋሃቦከምዘለዎ ኣብ ዝብል ውጽኢትን መደምደምታን ትበጽሕ::

*ካብ ተፍሲር ሱረት ኣልበቀራ ብ.ዶ.ቢያን ሳልሕ ዝተወሰደ እዩ::*

ኣብ ኮምፒዩተር ብሓውና:
ኣቡ ዓብዱራሕማን ኣትዩ ተጻሒፉ:



# አብኡ ኔረ . . . ውላድ ክመጽእ--ሩሕ ክትወጽእ . . .አብኡ ኔረ!

ብ: ሙሐመድ ኢማም

ውላደይ ናብዛ ዓለም ክመጽእ ሰዓት :አብ ትርአስ ሕማም ሕርሲ ዝተታሕዘት ወላዲቱ ኮይነ ዝተቐበልኩዎ ናይ ጭንቀትን ሐጎስን ሰዓት አይርሰዮን :: እቲ ናይ ሕርሲ ጸበባ አሸንካይዶ አነ ሰበይተይ'ካ : ብሐይሊ ረቢ: ነቲ ጸበባ ረሲዓ ቆላሕታአ ነቲ ዝተበሰርናዮ ውላድ ብምድሃብ (ከምተን ኩለን አዴታት) ናይ ሐጎስ መዓልቲ ኮይኑ ይዝክሮ :: ዕድሚኡ ሐደ ደቒቕ ዘይመልኤ ቆልዓ ሐቑፈ እናሰዓምኩ (ምስ ደሙ) አብ እዝኑ ቀሪበ ክእዝነሉ እንከለኹ (ሱና ተኸቲለ) ዝረአያኒ አለይቲ ሕሙማት ''ጥዕምቲ ዜማ አስሚዕካዮ " ዝበላኒ እውን ፍሽኽ እናበልኩ ይዝክሮ :: ንዝገበረልና ከነመስግን ሕድሪ ስለ ዘለና እውን (ግበረሉ ወይ ንገረሉ) ነታ ካብ ሐፍቲ ንላዕሊ ኮይና: ኢድ ሰበይተይ ብምሐዝ ሓጀኺ እናበለት አብ ትርአሳ ምሳይ ኮይና ትጭነቕ ዝነበረት ሕጂ እውን ደጋጊመ ጀዛሃላሁ ኼር እናበልኩ ይዝክራ :: እቲ ሽዑኡ ዝተቐበልኩዎ ውላድ ሎሚ ዝሪኡዎ ' ሰብአይ እምበር አኺሉ . . . . ነሕዋቱ'ምበር ነዊሑዎም. . ዝብሉኒ አይወሐዱን ::እንተኾነ እታ እተጻውቶ ዝነበረት ቆልዓ : ድሮ ሐዳር ሒዛ ;ብዝሐለፈ ወርሒ እታ በዓልቲ ጽቡቕና አዲአ:ካልአይ ከብዳ አሕሪሳታስ ምስ ደቃ ትጻወት ምህላዋ ምስ ጠቐስኩሎም ሱብሐነላህ ዝብልመልሶም ብቑዕ ኮይኑኒ ::

ክቡር አንባቢ፣ ክሳብ ሕጂ ዘዕልለካ ዘለኹ መልዓሊኡ እንታይ ምኳኑ ክትፈልጦ ትጽበ ትህሉ :አነ'ውን አገዳስነት ናይቲ መልዓሊኡ ጉዳይ እዩ ነዛ ትሕዝቶ ከመሐላልፍ ዝገደደኒ::

አብ ትርአስ በዓልቲ ቤተይ ኮይነ ንመጀመሪያ ጊዜ ነዛ ዓለም ብብኽያት ዝላለያ ዝነበረ ውላድ ክሐቑፎ ዝበቓዕኩሉ ሰዓት :ዘዘከረኒ ፣ ብዝሐለፈ ሰሙን እተን መጨረሻ ደቓይቕ ዑምሩ አብ ትርአሱ ኮይነ ክሐልፉ ክሪኤን : ካብዛ ዓለም ብሞት ዝተፈለየላ ሰዓት ዝተዋህበቶ ሩሕ ናብ ኸላቒአ ዝተመለሰትሉ: አብ ትርአሱ ስለ ዝተረኸብኩ እየ ::

ዘፋነኹዎ ጎበዝ (ረቢ ይርሐመሉ) ክብድ ዝበለ ሕማም ሒዙዎ ዝሰማዕኩ አብ ሐጺር ጊዜ እዩ ኔሩ : ክበጽሖ ብዙሕ ፈቲነ እንተኾነ *አብ ዘለኻዮ ዱዓ ግበረሉ' ዝብል ድልየት ስድራ ምስ በጸሐኒ : ዋጂብ ምብጻሕ ካብ ሐለፈኒ ዋጂብ ዱዓእ ከይሐልፈኒ ብምባል ካባይ ሐሊፉ :ንዝረኸብኩዎም አሕዋትና ዝሐመመ ጋሻ ስለ ዘሎ ዱዓ ግበሩሉ ብምባል ከዘኻኽር ፈቲነ::

ብዙሕ ከይጸናሕኩ : አጋ ምሸት እዩ ኔሩ ብዛዕባ ጥዕንኡ አጥቢቐ ምስ ሐተትኩ ኩነታቱ ዘስግእ ምኻኑን ክሪኦ ከም ዝኽእልን ምስ ተሐበረኒ ጊዜ ከየጥፋእኩ ናብ መእለይ ሕሙማት ጌርደን (አከባቢ ሃኖቨር) አምሪሐ :: አብ አፍደገ ክፍሉ ብንብዓት ዝተቐበለትኒ ሐፍቱ ብምርአይ ኩነታቱ ከርዳአ አይጸገመንን : አብ ትርአሱ ኮይኑ ተጊሁ ብቕርቢ ዝአልዮ ዝነበረ ሐው ልክዕ ኩነታቱ ንኽገልጸለይ ብዙሕ ቃላት አየድለዮን: "ሕማሙ ጽንኩር ይኹን'ምበር ኢማኑ ብርቱዕ ኢዱ ዘይህብ ጽንዓት ዝወረሶ ምኻኑ "ብተወሳኺ ክገልጸለይ እንከሎ :ካብ

ኩሉ ዝለዓለ ግን እታ አብ ትርአሱ ኮይንና ንደጋግማ ዘለና ሸሃዳ ሕጂ ደአ ደኺሙ ትሪራቶ'ምበር ደጋጊሙ ከም ዝበላ አበሰረኒ:: እወ ዓቢ ብስራት እዩ : መን ካና አኺሩ ከላሚሂ ፊዱንያ: ላኢላሃ ኢልለላህ ሙሐመደን ረሱሉላህ ደኽለልጀና ዝብል ሐዲስ ማለት 'አብ አዱንያ ብቃል ሸሃዳ ዝዛዘመ: ዓስቡ ጀና እዩ ዝጠዓመ :: ዝብል ሐዲስ ዘኪረ እየ ብስራት ዝበልኩዎ ; ክንዲ ዝኾነ ድማ አላህ ብራሕመቱ ካብ ሰብ ጀና ክገብሮን ክቕበለሉን ዱዓ አይንብቀቀሉ :: ገና አብታ ክፍሊ እየ ዘለኹ: **ወጃእት ሰክረቱልመውት ቢልሐቂ ዛሊካ ማ ኩኑታ ሚንሁ ተሒድ ** እትብል ናይ ጎይታ ጥቕሰ ቁርአን እዋና ምኻኑ አትሪሩ ክርደአኒ ጀመረ ሕጂ እውን እታ ንሙዉትኩም ማለት አብ ሞት እዋን ዝበጽሖ- ሩሑ ክትወጽእ እንተደአ ረቢ ከቲቡላ ብሳህሊ (ብዘይ ጻዕሪ) ምእንቲ ክትወጽእ ያሲን ቅርእሉ እትብል ናይ ነቢይና ሐዲስ ዘኪረ መሰረት ብምግባር ኢዱን ነብሱን እናደረዝኩ ያሲን ምቕራእ ዝጀመርኩ:: እቲ አብ ትርአሱ ዝጸናሐኒ ብቕንያቱ አብቲ ጸገም ዝቐነየ ሐው (ጋዜጠኛ) አብቲ ምቕራእን; ሸሃዳ ምድግጋምን: አብታ ሕሙምና ዝተረፈአ ትንፋስ ዝጽንቅቐለን ደቓይቕ ይተሐባበረኒ ምንባሩ ካብ ሐሳበይ አይተሰወረን :: ምድሪ ዝጸባ ዝነበረ ሐፍቱ እውን አብቲ ክፍሊ ትወጽእን ትአቱን; ትትስእን ኮፍ ትብልን ትበክን ምንባራ ጥራይ ዘይኮነስ ; እታ ትንፋሱ ብሳህሊ ጌሩሉ ረቢ ምስ ወጸት; ናይ መጨረሻ ስንብታ ; ክትስዕሞ እንከላ ዝተሰመዓኒ ክገልጾ ይጽግመኒ:: እንተኾነ እዛ ስንብታ ዘይረኸቡዋ ወለዱን አሕዋቱን ብምዝካር ንሳ ትሐይሽ ኢለ ተጸናኒዔ ::

በይነይ ምስ ሙዉት : ዝተዓዘብኩዎን ዝተናበርኩዎን ቀሊል ስለ ዘይኮነ : አነ'ካ ምናልባት ዘንጊዔ እንተዘይተፈለጠኒ :ካባይ ዝሐይሽ አንቢቡ ካብኡ ዝረኸቦ ዓቢይ ትዕዝብትን ምዕዶን ዝቐስም አይሰአንን ብምባል : ትዕዝብተይ የመሐላልፈልካ :: ብቐደሙ እውን '' ከፋ ቢልመውት ዋዒዛ'' ዝተባህለ ካብ ሞት ዝዓቢ መዓዲ ስለ ዘየለ እዩ - ሞት ርኢና እንተዘይ ተበራቢርና እሞ ከአ ከማይ ብቕርቢ ዝረአየ. እንታይ ደአሉ ከበራብረና ዝኽእል! ዝኾነ ኮይኑ ዶክቶር ዓርከይ ዓይኑ ሐቢሱ : ክምለስ እየ ኢሉ ንስድራ ሒዙ ምስ ከደ (ካብ ሆስፒታል)ምስቲ ጅናዛ ክጸንሕ ግድነት ኮነ::

ዑለማ ከም ዝብሉዎ ሐደ ሰብ ክመውት እንከሎ ቀዳማይ ለውጢ ሽሙ ይጠፍእ ይብሉ :: ኮይኑ ድማ እዚ ተዘርጊሑ ዘሎ ሐወይ ዓ.ዓ. ሽሙ ጠፊኡ ድሮ ጅናዛ ይጽዋዕ : ሰባት ብዛዕብኡ ክዛረቡ እንከለዉ ሽሙ ገዲፎም : ጅናዛ መዓስ ክወጽእ እዩ . . ጅናዛ ሒዝና ሰዓት .. ንመቓብር ክንሐልፍ ኢና . . .

ሰላተልጂናዛ መዓስ እዩ ዝስገድ እናበሉ ይዛረቡ : ሱብሐነላህ :: እምበኣአር አነ እውን ምስቲ ጅናዛ ንበይነይ አብ ክፍሊ መእለይ ሕሙማት ምትራፈይ : ጸጸኒሔ ይሪኦ . . .ሐንሳብ ይቐርእ ሐንሳብ ዱዓ ይገብር : ልበይ ይወቅዕ. . . ሕያወይቲ አላይት ሕሙማት ምስ መጸትኒ እውን ክሰግድ ደልየ ምስ

በልኩዋ : እምነተይ አኽቢራ ጽሩይ መንጸፍ አምጸአትለይ እሞ ናይ መቕሪብ ሰላት ጉቡኤይ አብታ ክፍሊ ፈጸምኩዋ:: መመሊሰ ቂሊሕ ይብሎ'ሞ ናተይ መጨረሻ አብዛ'ዱንያ ከመይ ኮን ይኸውን፣ ብምባል ንነብሰይ እውን ክሐዝነላን ክበኽየላን: ከተሐሳስበንን ጊዜኡን ቦታኡን ገደደኒ :: :"ሐቅኻ" ከም እትብለኒ እውን አይጠራጠረሉን :: *ብሽሃዳ ብሰዓዳ* ይብላ ለባማት በዓል አደይ : ኻቲማ ከጸብቐለይ አጥቢቐ ለመንኩዎ ::(ሕጂ'ውን ብሽሃዳ ብሰዓዳ ክዛዝመልና ንለዋህ ጎይታ ይልምኖ) ንሱ ዝሪኦ(እቲ ሙዉት) ንሕና ስለ ዘይንሪኦ እቶም መጽየሞ ዘለዉ መላኢከቱል ራሕማ ክኾኑን ናይ አኼራ ቦታኡ አብ ጀና ረቢ አርኢዩዎ ክኸውን ዱዓ ገበርኩሉ :: ተሐጽዩ ንመርዓ ይቀራረብ ስለ ዝነበረ : ናይ አዱንያ መርዓዊ ክኸውን ዝተተምነናዮ ካብ ዘይሰምር ናይ አኼራ መርዓዊ ክኸውን. (አብኡ ከአ ስለ ዝበልጸ) ደጋጊመ ተመነኹሉ :: አብቲ ናይ ቀብሩ መዓልቲ ዝተረኽበ ኩሉ ሐዘኑ ከቢድ ኔሩ ብፍላይ እቶም ብቐረባ ዝፈልጡዎ ካብ ሆላንድ ዝመጹ መንእሰያት: ሞቱ ብጣዕሚ ተንኪፉዎም ምንባሩ ብሩህ ኔሩ :: ጥዑም ጠባዩን ላዛ ሕውነቱን ጠቒሶም ክዛረቡእንከለዉ . ዝገደፎ ዘይርሳዕ ጥዑም አሰር ካብ ልቦም ዘይገልል ኮይኑ ከምዝነብር አየጠራጥርን ::
አሕጺዮም አፋኒዮም መርዓኡ ዝጽበዩ ዝነበሩ ናይ ርሑቕ ወለዲ ከመይ ክስመዖም እዩ እናበልኩ ምጭናቐይ አይተረፈን :

ንምሸቱ ብስልኪ ምስ አዛረብኩዎም ኢማን ወረሱዎም :አምሪ ጎይታ አልሐምዱሊላህ ኢሎም ዝተቐበሉዎ:ብዝተረፉ ክሕጎሱ ተመነኹሎም::
ክቡር አንባቢ ውላድ ዝተቐበልኩሉ መዓልቲ ገሊጸ ናብቲ ሩሑ ክትወጽእ ምስኡ ዝተረኸብኩ ክሪኦ እንከለኹ እዛ ዓለም መዓርፎ አጋይሽ ኮይና ትረአየኒ

ንዝተወልደ ጠቕሊልና ንቕበል ንዝሞተ ከአ ጠቕሊልና ነፋኑ (ክሳብ ተራና) ::ንዝተወልደ ሰላት ዘይብሉ ንእዝነሉ : ንዝሞተ አዛን ዘይብሉ ንሰግደሉ!! ሱብሐነላህ አብ መዓልቲ ቀብሪ ዝመዝገብኩዎ ትዕዝብቲ : አብ ዝመጽእ ሕታም አልዳዕዋ ከካፍለካ : ኢንሻአላህ። ክሳብ ሽዑኡ ግን. ንቐብርና ሒዝናዮ እነኸይድ በጀካ ዓመልና (ስራሕና) ሰለ ዘየል በዛ እትስዕብ ጥቕሲ (ከይሞትና ሰናይ ክንሰርሕ እተዘክር)ተርጉመ ክዛዝሞ ይመርጽ ;
*አብዛ ዓለም ክትመጽእ ንስኻ ትበኪ ሰድራኻ እናሰሐቑ (ብታሕጋስ )ይቕበሉኻ:ክትመውት መዓልቲ :ሰብካ ክበኽዩ እንከለዉ: ምእንቲ እናሰሐቕካ(ተሐጉስካ) ክትከይድ ሰናይ ስርሐላ ንነብስኻ::*
*ያ ረ ብ ያ አ ር ሐ መ ር ራ ሒ ሚ ን! !*
*ንዝሞቱ ራሕማ ለግሰሎም ቀብሮም አብሪህካ ዘንቦም ምሒርካ አብ ጀና አስፍሮም :: ንሕና'ውን ዝበጸሖም (ሞት) ምስ በጸሓና ረሐመና : ክዳንና ገፊፎም ክሐጽቡና ረሐመና : ኩሉ ራሕሪሕናዮ ክንከይድ ረሐመና : ራሕሪሐሙና ክኸዱ ረሐመና : ከፈን ክጥቕልሉና ረሐመና (እቲአ'ካ ፍልሖ ዝቃጸጸና) : እምኒ አተርኢሶም - ሐመድ ክኸድኑና ረሐመና : አብቲ ጸልማት ቀብሪ ረሐመና :አብቲ ከቢድ መዓልቲ ረሐመና : ረሐመና : ረሐመና ::*

# ምስጋና

መጺሔት ኣልዳዕዋ ተሓቲማ ናብ ኣንበብታ ክትበጽሕ ኣብ መዳይ ጽሑፋት ምቕራብን ምሕታምን ንዝተሓባበሩ ኩሎም ኣሕዋትን ኣሓትን ናይ ልብና ምስጋና ከነቕርበሎም ደስ ይብለና::ጀዛኩም ኣልላሁ ኸይረን::ንጽሑፋት ንዝተኸታተለ እውን እቲ ዝበዝሕ ጽሑፋት ካብ ኣሓትና ደቂ ኣንስትዮ ምንባሩ ተዓዚብኩም ትኾኑ::
በዚ ኣጋጣሚ እዚ እውን ንሓፍትና ፎዚያ ሓሰን ኣማንን:ሰሚራ ኑርሑሴንን: ማሕፉዛ ስራጅን ብዙሕ ምስጋና ከነቕርበለን ንፈቱ::ጀዛኩንና ኣልላሁ ኸይረን::
መጺሔት ኣልዳዕዋ ተሓቲማ ንኽትወጽእ ናይ ብዙሓት ኣሕዋት ጻዕሪን ተሳታፍነትን ዝሓተት እዩ::በቲ ዝተዋህበኒ ሓላፍነት ከም ሓላፊ ናይ መድያ እቲ ዓቕመይ ዘፍቅዶ ክትግብር ፈቲነ እየ::ዝኾነ ጌጋ ዝተረኽበ ካብ ነፍሰይን ጉድለተይን ክኸዉን እንከሎ እቲ ጽቡቕ ካኣ ብሓገዝ ናይ ኣላህን ካብ ኣላህን ከምዝኾነ ክሕብር እፈቱ::
ሓላፍነት ናይ ክፍሊ ዜና ሒዙ ንዝጓዓዝ ሓው ኣብ መጻኢ ምርጫ ኻኣ ብዙሕ ኣሳልጦን ዓወትን ከተግብር ካብ ልበይ እመነየሉ::

ሓው'ኹም ኣቡ ዓብዱራሕማን

# *Der Prophet Noah*

***Noah, Friede sei mit ihm, hat, wie alle anderen Propheten, sein Volk auf den rechten Weg führen wollen. Er hat den Menschen gesagt, dass sie Glauben an Allah haben müssen, dass Er der Schöpfer von allem ist, dass sie niemandem außer ihm dienen sollten und dass sie sonst bestraft würden. Dies ist im Quran so erwähnt:***

***Und wahrlich, Wir entsandten Noah zu seinem Volk: "Seht, ich (komme) zu euch als ein eindringlicher Warner, dass ihr keinen außer Allah anbetet. Ich fürchte für euch tatsächlich die Strafe eines schmerzlichen Tages." (Quran 11:25, 26 - Sure Hud)***

***Trotz aller seiner Warnungen, haben nur wenige Menschen Noah geglaubt. Zu diesem Zeitpunkt hat Allah Noah befohlen, ein großes Schiff zu bauen. Allah hat ihn informiert, dass die Gläubigen in diesem Schiff gerettet werden würden.***

***Der Bau des Schiffes, obwohl es kein Meer in dieser Gegend gegeben hat, überraschte die Menschen, die keinen Glauben an Allah hatten, und sie haben Noah deshalb verlacht. Die Ungläubigen haben nicht gewusst, was ihnen passieren würde, aber Allah hat es gewusst. Nachdem das Schiff fertig gebaut war, hat es sehr stark zu regnen begonnen, tagelang, und das Wasser hat alles Land überschwemmt. Diese historische Katastrophe wurde von Wissenschaftlern bestätigt. Im Nahen Osten wurden Beweise gefunden, die deutliche Anzeichen dafür sind, dass viele heutige Berge einmal mit Wasser bedeckt waren.***

***Im Fernsehen hast du wahrscheinlich schon Überschwemmungen in verschiedenen Gegenden der Welt gesehen. Bei solchen Katastrophen werden die Menschen im allgemeinen die Dächer besteigen und auf Hilfe warten. In so einer Situation kann nur ein Hubschrauber oder ein Boot sie retten. Aber zu Zeiten des Propheten Noah, Friede sei mit ihm, war es nur die Arche, die sie hat retten können. Diese Katastrophe, die auch Sintflut genannt wird, war eine von Allah geschaffene Strafe, um die Menschen zu bestrafen, die nicht an Noah geglaubt haben. Weil sie Hilfe von jemand anderem als Allah erwartet haben, hat niemand von den unverschämten Menschen, die Allahs Warnungen missachtet haben, Noahs Arche bestiegen. Sie haben nicht in Allah vertraut, sondern haben sich auf andere verlassen.***

***Doch nichts kann uns schützen, außer wenn Allah es will. Die Menschen jener Zeit, die dies geleugnet haben, haben Berge bestiegen oder sind in hochgelegene Regionen gewandert, doch sie konnten sich trotzdem nicht vor dem Ertrinken retten.***

***Sehr wenige Leute haben an Allah geglaubt und ihm vertraut, was sie mit Noah zu ihrer Rettung das Schiff besteigen ließ. Gemäß Allahs Anweisungen haben sie ein Paar von jeder Tierart mitgenommen. Dies ist im Quran erwähnt:***

***Vor ihnen leugnete schon Noahs Volk. Sie nannten Unseren Diener einen Lügner und sagten: "Ein Besessener!" Und er wurde ausgestoßen.***

***Da rief er zu seinem Herrn: "Ich bin völlig überwältigt; darum hilf mir."***

***Und so öffneten Wir dem strömenden Wasser die Tore des Himmels und ließen aus der Erde Quellen hervorbrechen, und beide Wasser vereinigten sich, verhängtem Beschluss gemäß.***

***Doch ihn trugen Wir auf etwas aus Planken und Nägeln, das unter Unseren Augen dahin schwamm als Lohn für den, der Undank erlitten hatte.***

***Und wahrlich, Wir hielten (die Erinnerung daran) als Zeichen lebendig. Gibt es denn keinen, der sich ermahnen lässt?***

***Wie also waren Meine Strafe und Meine Warnungen? (Quran 54:9-16 - Sure al-Qamar)***

***Alle Propheten, die zu ihren Völkern geschickt wurden, haben grundsätzlich dieselbe Lehre vermittelt, und Sie haben ihre Völker aufgefordert, Allah zu dienen und den Propheten zu gehorchen. Sie haben keinen Lohn verlangt, denn Gesandte, die von Allah geschickt werden, tun so etwas nicht. Sie erbringen ihre Dienste, weil sie Allah lieben und Ihn fürchten. Dabei stehen sie vielen Schwierigkeiten gegenüber: Ihr Volk verleumdet sie und behandelt sie grausam. Darüber hinaus verschwören sich manche Völker, um die Propheten zu ermorden, und manche haben sogar gewagt, dies zu tun. Doch die Propheten haben sich nicht entmutigen lassen, da sie nur Allah und sonst niemanden gefürchtet haben. Sie haben nie vergessen, dass Allah sie großzügig belohnen wird, sowohl in dieser Welt, als auch im Jenseits.***

***Harun Yahya***

***Quelle:***
***Lernen wir unseren Islam Harun Yahya***
***www.harunyahya.de***

# *Die Pilgerfahrt ist:*

1) Eines der wichtigsten Säulen des Islams
2) Ein Weg um Allahs Nähe wahrzunehmen
3) Eines der schwierigsten körperlichen Formen des Verehrung

Das Hauptziel der menschlichen Schöpfung ist die Anbetung Allahs. Durch die Kenntnis über Ihn entsteht in uns Liebe zu Ihm. Das ist jedoch abhängig vom eigenen Stolz und Reinheit der Seele. Je reiner die Seele ist, desto größer ist die Liebe zum Allmächtigen.

Diese Stufe der Liebe kann jeder erreichen, wenn er sich von seinen Begierden und den weltlichen Dingen befreit. Wer sein Gebet regelmäßig und vor allem pünktlich verrichtet, ist auf dem besten Weg. Allah hat uns einige Formen der Anbetung (Ibadat) vorgeschrieben, damit wir Selbstdisziplin erlangen.

Dazu gehört das Spenden vom eigenen Wohlstand z.B. durch Zakaat und Khums. Dadurch lösen wir uns, von unserer weltlichen Besessenheit.

Dazu gehört die Enthaltung von Begierden und Vergnügen z.B. durch das Fasten.

Durch das fünfmalige Gebet (Salaat/Namaaz) richten wir unsere Aufmerksamkeit auf Allah und Gedenken Seiner Barmherzigkeit und Gnade.

Die Pilgerfahrt (Hajj) enthält all diese Punkte und noch viel mehr:
Das verlassen der Heimatstadt
Körperliche Anstrengung

Ausgabe vom eigenen Vermögen
Erneuerung des Bundes mit Allah
Rundlauf um die Kaaba (Tawaaf)
Bittgesuch (Dua)
Gebete (Salat/Namaaz)
Und andere Dinge, wie das Werfen von kleinen Steinen, das Rennen zwischen Safaa und Marwah usw.

Bei der Pilgerfahrt versammeln sich Menschen aus allen Teilen der Welt an einem einzigen Ort. Es ist der Ort, an dem sich die Größe der göttlichen Offenbarung widerspiegelt. Und dennoch zeichnet diesen Ort wahre Schlichtheit aus. Es ist ein Andenken an den ersten Aufruf Gottes zur Einheit und der Ort, an dem sich die Einheit des Wortes verwirklicht. Hier setzen sich Muslime für ihren Glauben ein, wurden vertrieben und kamen als Sieger zurück. Eine der weiteren Erkenntnisse der Hajj ist das Wissen um den eigenen Gegner. Die Steinigung des Satans während der Pilgerfahrt steht symbolisch für den Widerstand gegen den inneren und äußeren Feind.

Der Mensch nimmt sich als Individuum und zugleich als Teil der Gemeinschaft (Ummah) wahr und lernt sein Eigenes Ich kennen. Der Pilger umkreist die Kaaba gemeinsam mit seinen Glaubensgeschwistern - Schulter an Schulter, einheitlich gekleidet, ohne dass Rang, Stellung, Rasse, Hautfarbe oder Titel die kleinste Rolle spielen. Im alltäglichen Leben trüben oftmals von uns selbst geschaffene irdische Zwänge den Blick für die eigentlichen Wahrheiten des Daseins. Der Mensch, der sich als Teil einer Ummah zu verstehen lernt, kann die Kluft überwinden, die unsere Ummah aus niederen Beweggründen wie Machtgier, Nationalstolz, Arroganz und Ignoranz heraus in unterschiedliche, zum Teil sich befeindete Lager gespalten hat. Die Hajj ermöglicht eine Begegnung von Millionen Muslimen aus den verschiedensten Regionen dieser Erde, die als eine Herausforderung zu verstehen ist, künstliche Barrieren wie Nationalität, Geschichte und Sprache zu sprengen und Muslime einander näher zu bringen.
Malcolm X beschreibt seine Pilgerfahrt so: „Nie zuvor habe ich eine derart aufrichtige Gastfreundschaft und einen derart überwältigenden Geist wahrer Brüderlichkeit erlebt, wie sie mir von Menschen aller Hautfarben und Rassen hier im Heiligen Land, dem Lande Abrahams, Muhammads und all der anderen Propheten der Heiligen Schriften, entgegengebracht wurden. Während der ganzen

vergangenen Woche war ich sprachlos und völlig fasziniert von der Freundlichkeit, die ich überall um mich herum an Menschen aller Hautfarben beobachten konnte. Mir ist die Segnung zuteil geworden, die Heilige Stadt Mekka zu besuchen. Geführt von einem jungen Mutawaf namens Muhammad habe ich die Kaaba siebenmal umschritten. Ich habe Wasser aus der Heiligen Quelle Semsem getrunken, bin siebenmal zwischen den Hügeln AI-Safa und AI-Marwah hin und her gewandert. In der uralten Stadt Mina und auf dem Berg Arafat habe ich meine Gebete zu Allah gesprochen.

Dort waren Zehntausende von Pilgern aus der ganzen Welt. Unter ihnen waren alle Hautfarben vertreten, von blauäugigen Blonden bis zu schwarzhäutigen Afrikanern. Aber wir nahmen alle am selben Ritual teil und verbreiteten einen Geist der Einheit und der Brüderlichkeit, wie ich ihn nach meinen Erfahrungen in Amerika zwischen Weißen und Nichtweißen für unmöglich hielt.

Amerika muss unbedingt lernen, den Islam zu verstehen, weil er die einzige Religion ist, die in der Lage wäre, das Rassenproblem dieser Gesellschaft zu beseitigen. Während meiner Reisen in der islamischen Welt habe ich Menschen getroffen, habe mit ihnen gesprochen und sogar mit ihnen gegessen, die man in Amerika als "weiß" bezeichnen würde - aber ihr islamischer Glaube hatte alles, was wir als "weiße" Haltung kennen, aus ihrem Geist entfernt. Ich habe niemals zuvor erlebt, dass Menschen aller Hautfarben gemeinsam eine derart aufrichtige und wahre Brüderlichkeit praktizieren können, ohne dass die Hautfarbe eine Rolle spielte.

Vielleicht werden Sie erschüttert sein, diese Worte aus meinem Munde zu hören. Aber was ich auf dieser Pilgerfahrt gesehen und erfahren habe, hat mich dazu gebracht, viele meiner bisherigen Denkschemata zu verändern und einige meiner früheren Schlussfolgerungen über Bord zu werfen. […] Während der vergangenen elf Tage hier in der islamischen Welt habe ich vom selben Teller gegessen, aus dem selben Glas getrunken und im selben Bett geschlafen (oder auf dem selben Teppich) und zum selben Gott gebetet wie meine muslimischen Glaubensbrüder mit ihren blauen Augen, blonden Haaren und ihrer weißen Haut. In den Worten und Taten der 'weißen' Muslime war dieselbe Aufrichtigkeit zu spüren, wie ich sie unter den schwarzen Muslimen aus Nigeria, dem Sudan und Ghana empfand. Wir waren wahrhaftig alle gleich (Brüder), weil der Glaube an den Einen Gott alles 'Weiße' aus ihrem Geist entfernt hatte, aus ihrem Verhalten und aus ihrer Gesinnung. Daran wurde mir deutlich, dass die Weißen in den Vereinigten Staaten, wenn sie die Einzigartigkeit Gottes akzeptieren könnten, dann vielleicht auch in der Realität die Einzigartigkeit der Menschheit akzeptieren könnten - und aufhören würden, andere aufgrund ihrer 'Verschiedenartigkeit' in der Hautfarbe zu bewerten, zu behindern und zu verletzen.“

Die Absicht der Pilgerfahrt (Hajj)

1. Die Absicht (Niyyah) muss rein und aufrichtig sein und nicht für weltliche Beweggründe herhalten, wie z.B. Angeberei (Riyaa), Tourismus, Berufliche Gründe, Interesse an der Architektur usw.. All diese Beweggründe zerstören die Aufrichtigkeit der Taten und führen zur Entziehung der versprochenen Belohnungen. Es ist töricht, all diese Dinge auf sich zu nehmen, um am Ende verurteilt zu werden, weil man die eine falsche Absicht hatte.

2. Man sollte ganz ehrlich seine vergangenen Sünden bereuen und sich von jeglicher Ablenkung fernhalten, damit die Gedanken sich auf Allah konzentrieren. Man sollte sein Testament schreiben und sich vorbereiten auf die Reise ins Jenseits, so als würde man sein Haus, seine Verwandte, seine Freunde und Eigentum hinter sich lassen.

3. Man sollte an die Kaaba denken und seinem absoluten Besitzer. Man hat seine Familie, Freunde und Besitz verlassen um dieses majestätische Haus zu besuchen, dass Allah für die Menschen geschaffen hat. Diese Reise unterscheidet sich von anderen weltlichen Reisen. Der Pilgernde antwortet der Einladung, die durch Allahs Gesandten (Rasulallah) erteilt wurde.

4. Der Pilgernde sollte sich von allen Gedanken lösen, die ihn Sorgen machen und sich total auf Allah konzentrieren.

5. Jede finanzielle und körperliche Beschwerde sollte fröhlich entgegengenommen werden, weil es ein Zeichen der Inkaufnahme ist.

6. Der Pilgernde sollte sich sein Verdienst auf ehrliche Weise verdient haben und es großzügig ausgeben, aber nicht verschwenderisch (Israaf).

7. Er sollte sich höflich gegenüber den anderen Reisenden benehmen und stets gut gelaunt sein. Streitereien und harte Wörter sind strengstens untersagt. Er sollte sich demütig gegenüber den anderen Gästen Allahs verhalten. Dazu gehört nicht nur, dass man andere nicht beleidigt, sondern es auch mit viel Geduld erträgt, wenn man selber verletzt wird.

Quellen:
www.ezsoftech.com
Imam Khameneis Botschaft zur Pilgerfahrt
Auszüge aus "Malcolm X - Die Autobiographie"

............................................................................................

## خمس آيات غفل عنها المسلمون في فك الكرب

**قال الإمام البصري:**

عجباً لمكروب غفل عن خمس آيات من كتاب الله عز وجل وعلم فوائدها. قال تعالى:

• " وَلَنَبْلُوَنَّكُمْ بِشَيْءٍ مِّنَ الْخَوفْ وَالْجُوعِ وَنَقْصٍ مِّنَ الأَمَوَالِ وَالأنفُسِ وَالثَّمَرَاتِ وَبَشِّرِ الصَّابِرِينَ . الَّذِينَ إِذَا أَصَابَتْهُم مُّصِيبَةٌ قَالُواْ إِنَّا لِلّهِ وَإِنَّـا إِلَيْهِ رَاجِعونَ . أُولَـئِكَ عَلَيْهِمْ صَلَوَاتٌ مِّن رَّبِّهِمْ وَرَحْمَةٌ وَأُولَـئِكَ هُمُ الْمُهْتَدُونَ " [البقرة 155:157]

- صلوات: تزكية وثناء ومغفرة منه تعالى -

• " وَأُفَوِّضُ أَمْرِي إِلَى اللَّهِ إِنَّ اللَّهَ بَصِيرٌ بِالْعِبَادِ . فَوَقَاهُ اللَّهُ سَيِّئَاتِ مَا مَكَرُوا وَحَاقَ بِآلِ فِرْعَوْنَ سُوءُ الْعَذَابِ " [غافر 44]

- نهاية الحوار الرائع بين مؤمن آل فرعون وقومه -

• " الَّذِينَ قَالَ لَهُمُ النَّاسُ إِنَّ النَّاسَ قَدْ جَمَعُواْ لَكُمْ فَاخْشَوْهُمْ فَزَادَهُمْ إِيمَاناً وَقَالُواْ حَسْبُنَا اللّهُ وَنِعْمَ الْوَكِيلُ . فَانقَلَبُواْ بِنِعْمَةٍ مِّنَ اللّهِ وَفَضْلٍ لَّمْ يَمْسَسْهُمْ سُوءٌ وَاتَّبَعُواْ رِضْوَانَ اللّهِ وَاللّهُ ذُو فَضْلٍ عَظِيمٍ " [آل عمران 173]

-هذا كان فى غزوة حمراء الأسد بعد غزوة أحد مباشرة-

• وقال تعالى ليونس عليه السلام:

" وَذَا النُّونِ إِذ ذَّهَبَ مُغَاضِبًا فَظَنَّ أَن لَّن نَّقْدِرَ عَلَيْهِ فَنَادَى فِي الظُّلُمَاتِ أَن لَّا إِلَهَ إِلَّا أَنتَ سُبْحَانَكَ إِنِّي كُنتُ مِنَ الظَّالِمِينَ . فَاسْتَجَبْنَا لَهُ وَنَجَّيْنَاهُ مِنَ الْغَمِّ وَكَذَلِكَ نُنجِي الْمُؤْمِنِينَ " [الأنبياء 88]

• " وَأَيُّوبَ إِذْ نَادَى رَبَّهُ أَنِّي مَسَّنِيَ الضُّرُّ وَأَنتَ أَرْحَمُ الرَّاحِمِينَ . فَاسْتَجَبْنَا لَهُ فَكَشَفْنَا مَا بِهِ مِن ضُرٍّ وَآتَيْنَاهُ أَهْلَهُ وَمِثْلَهُم مَّعَهُمْ رَحْمَةً مِّنْ عِندِنَا وَذِكْرَى لِلْعَابِدِينَ " [الأنبياء 83]

منقول والله أعلم

وصلى على نبينا محمد وعلى آله وصحبه وسلم .

**محظورات الاحرام تسعة:**

1- حلق الشعر .

2- تقليم الأظافر .

3- تغطية رأس الرجل بملاصق .

4- لبس المخيط .

5- استعمال الطيب .

من فعل شيئا من هذه المحظورات الخمسة جاهلا أو ناسيا فلا شيء عليه، ومن فعل شيئا منها متعمدا فعليه الكفارة على التخيير (صيام ثلاثة أيام، أو اطعام ستة مساكين، أو ذبح شاة).

6- قتل صيد البر أو المعاونة في ذلك، أو تنفيره من مكانه، وفي قتله عمدًا الفدية بما يماثله.

7- مباشرة الزوجة لشهوة فيما دون الفرج، فإن أنزل لم يفسد حجه وعليه بدنه.

8- عقد النكاح ولا فدية عليه.

9- الوطء في الفرج: فإن كان قبل التحلل الأول فسد حجه ويمضي فيه، ويمضيه وجوبا في العام التالي، ويجب عليه بدنه يذبحها في الحرم، وإن كان بعد التحلل الأول فالحج صحيح وعليه شاة.

**الهدي**

مكان الذبح: منى ويجوز في مكة وبقية الحرم.

نوعه: الإبل أو البقر أو الغنم (الضان والماعز).

السنة المجزئة: الضأن ما تم ستة أشهر، ومن المعز ماتم له سنة، ومن البقر ما تم له سنتان، ومن الابل ما تم له خمس سنين، تجزئ الواحدة من الضأن أو المعز عن شخص واحد، والواحد من الابل او البقر عن سبعة اشخاص، ومن لم يجد الهدي أو عجز عن قيمتها يصوم ثلاثة أيام في الحج وسبعة أيام اذا رجع الى اهله سواء صامها متتالية أو متفرقة.

مالا يجوز من الأضاحي: العوراء البين عورها، والعرجاء البين عرجها، والمريضة البين مرضها، والهزيلة التي تنقى، والسلامة من عضب القرب وهو ذهاب أكثرها.

**بتاريخ : : 27 - 11 - 2007**
**نقلا عن : سلسلة العلامتين**

**أركــان الحــج:**

1- الإحرام (النية): وهو نية الدخول في النسك.
2- الوقوف بعرفة.
3- طواف الإفاضة.
4- السعي بين الصفا والمروة.

ومن ترك شيئا من هذه الأركان لم يصح حجه حتى يأتي به.

**واجبات الحج:**

1- الإحرام من الميقات.
2- الوقوف بعرفة الى الليل.
3- المبيت بمزدلفة.
4- المبيت بمنى ليالي أيام التشريق.
5-رمي الجمار.
6-الحلق أو التقصير.
7-طواف الوداع.

ومن يترك شيئًا من هذه الواجبات فإنه يجبر بدم في الحرم ويوزع على فقراء مكة ولا يأكل شيئًا منها وحجه صحيح.

**سنن الحج:**

1- الاغتسال عند الإحرام .
2- الإحرام في إزار ورداء أبيض .
3- التلبية ورفع الصوت بها .
4- المبيت بمنى ليلة عرفة .
5- تقبيل الحجر الأسود.
6- الاضطباع (جعل الرداء تحت الابط الأيمن في طواف القدوم أو العمرة).
7- الرمل (الاسراع في الأشواط الثلاثة الأول من واف القدوم أو العمرة).
8- طواف القدوم للقارن والمفرد

وهل أغنى عن تلك الملايين لبسها للبياض؟ نعم وألف نعم فقد رجعوا كيوم ولدتهم أمهاتهم أنقياء من الذنوب، وصفت منهم القلوب ورضي الله عنهم ورضوا عنه.
هو اجتماع الأمة التي عجزت أن تجمعها السياسات والحادثات، وتشتتت بين كل الأيدلوجيات، فجمعتها الطاعات ووحدتها العبادات.

يا كعبة لمّت شتات المسلميـن *** نفخت بهم روحاً مـن الـروح الأمـين
طافت بها روحي فعانقت اليقين *** وسمعت صوت الحق بالحق المبين

لن تنقضي العبارات ولن يسعف المداد بوصف هذا الركن العظيم، ومن ذاق عرف، ودقيقة هنالك، تغني عن سفر من الكلمات، فلله درّ ركن ديننا الحنيف... الحج..

..................................................................

ومما يحسن بك أيها الحاج حال الدعاء أن تدعو بالأدعية المشروعة من الكتاب والسنة؛ لما فيها من الخير والاتباع، والبركة، والسلامة من الخطأ والاعتداء.

## ومن تلك الأدعية القرآنية:

(رَبَّنَا آتِنَا فِي الدُّنْيَا حَسَنَةً وَفِي الآخِرَةِ حَسَنَةً وَقِنَا عَذَابَ النَّارِ).
(رَبَّنَا تَقَبَّلْ مِنَّا إِنَّكَ أَنْتَ السَّمِيعُ الْعَلِيمُ).
(رَبِّ اجْعَلْنِي مُقِيمَ الصَّلاةِ وَمِنْ ذُرِّيَّتِي رَبَّنَا وَتَقَبَّلْ دُعَاءِ).
(رب رَبِّ هَبْ لِي مِنْ لَدُنْكَ ذُرِّيَّةً طَيِّبَةً إِنَّكَ سَمِيعُ الدُّعَاءِ).
(لا إِلَهَ إِلاَّ أَنْتَ سُبْحَانَكَ إِنِّي كُنتُ مِنْ الظَّالِمِينَ).
(رَبِّ اشْرَحْ لِي صَدْرِي وَيَسِّرْ لِي أَمْرِي).
(رَبَّنَا أَفْرِغْ عَلَيْنَا صَبْراً وَثَبِّتْ أَقْدَامَنَا وَانْصُرْنَا عَلَى الْقَوْمِ الْكَافِرِينَ).
(رَبَّنَا لا تُزِغْ قُلُوبَنَا بَعْدَ إِذْ هَدَيْتَنَا وَهَبْ لَنَا مِنْ لَدُنْكَ رَحْمَةً إِنَّكَ أَنْتَ الْوَهَّابُ).
(رَبَّنَا اغْفِرْ لَنَا وَلإِخْوَانِنَا الَّذِينَ سَبَقُونَا بِالإِيمَانِ وَلا تَجْعَلْ فِي قُلُوبِنَا غِلاًّ لِلَّذِينَ آمَنُوا رَبَّنَا إِنَّكَ رَءُوفٌ رَحِيمٌ).
(رَبِّ أَعُوذُ بِكَ مِنْ هَمَزَاتِ الشَّيَاطِينِ وَأَعُوذُ بِكَ رَبِّ أَنْ يَحْضُرُونِ).
(رَبِّ زِدْنِي عِلْماً وَأَلْحِقْنِي بِالصَّالِحِينَ).
(رَبَّنَا هَبْ لَنَا مِنْ أَزْوَاجِنَا وَذُرِّيَّاتِنَا قُرَّةَ أَعْيُنٍ وَاجْعَلْنَا لِلْمُتَّقِينَ إِمَاماً).
(رَبَّنَا لا تُؤَاخِذْنَا إِنْ نَسِينَا أَوْ أَخْطَأْنَا رَبَّنَا وَلا تَحْمِلْ عَلَيْنَا إِصْراً كَمَا حَمَلْتَهُ عَلَى الَّذِينَ مِنْ قَبْلِنَا رَبَّنَا وَلا تُحَمِّلْنَا مَا لا طَاقَةَ لَنَا بِهِ وَاعْفُ عَنَّا وَاغْفِرْ لَنَا وَارْحَمْنَا أَنْتَ مَوْلانَا فَانصُرْنَا عَلَى الْقَوْمِ الْكَافِرِينَ).

***Gis ♦P.O.Box 10 13 44 ♦Wuppertal***

# الحج عبادة واجتماع عالمي

**نقلا عن : موقع الملتقى**

بثياب بيضاء وقلوب أنصع بياضاً، تنساب جموعهم، ويسرعون بخطاهم، يفرون إلى الله رب الورى، وأرواحهم مشتاقة، وأفئدتهم خفاقة، ونفوسهم للقاء ربهم تواقة، فما أرحب القدوم، وما أكرم المضيف.

هو الحج ذلك الركن الذي يضم أروع الأسرار، وتتلألأ منه الأنوار، ويقف المرء من جلال الموقف مشدوها وهو محتار من لدن إبراهيم عليه السلام، يتوالى النداء: {وَأَذِّن فِي النَّاسِ بِالْحَجِّ يَأْتُوكَ رِجَالاً وَعَلَى كُلِّ ضَامِرٍ يَأْتِينَ مِن كُلِّ فَجٍّ عَمِيقٍ} [الحج:27].

يتدفقون من كل الدروب، تاركين المشاكل و الخطوب، مشمرين عن سواعد الاجتهاد، طائعين لله لرب العباد فعباد الله يطوفون ببيته الحرام، ملبين مهللين مكبرين مستغفرين، سائلين الله من فضله الكبير، كل بلسانه، عربي وأعجمي، كلها ترقى إلى السماء، ليتقبلها مجيب الدعاء، ثم تسعى الأرجل بين الصفا والمروة، ولكن النفوس تسعى خلف كل خير وبر ورحمة.

ثم يأتي اليوم المشهود، يوم عرفة حين تقف ملايين القلوب المؤمنة على جبل الرحمة، ويضج المشعر بأصوات الداعين والملبين، وتتجلى رحمة رب العالمين، وتسكب العبرات، وترتفع الآهات، وتعلو الأكف بالضراعة، ترجو رحمة ساعة، ومغفرة وشفاعة.

لاذت بساحتك الخلائق *** واستجارت في حماك
وشدت بنجواك السرائر *** واستهامت في عـلاك

فياله من ركن يختزل كل معاني الإنسانية والرفعة والسمو، ويجرد الناس من كل عوالق الطين، ليغسل القلوب والعقول بخير معين. فهاهم الرجال والنساء يؤدون المناسك معا دون حواجز فلا وجه المرأة يغري ولا جسد الرجل يلهي ،فالأبصار والقلوب ترنو إلى السماء، مستشعرة عظمة الخالق، فما عادت الأرض وتوابعها تعنيها بشيء، وإبليس مقيد هناك في المرمى، فأي أمن وأي طهر، وأي رفعة.

فإنك لو طفت العالم بأسره ما رأيت اجتماعاً كهذا من كل الأعراق والألوان والألسنة، خليط من كل من خلق الله، ذكر وأنثى، أبيض وأسود، غني وفقير، سيد وعبد، متعلم وجاهل، عاص وطائع، موفق وضائع، الكل اكتسى البياض وصدع بلا إله إلاّ الله. وهل أغنى عن تلك الملايين لبسها للبياض؟ نعم وألف نعم فقد رجعوا كيوم ولدتهم أمهاتهم أنقياء من الذنوب، وصفت منهم القلوب ورضي الله عنهم ورضوا عنه.

هو اجتماع الأمة التي عجزت أن تجمعها السياسات والحادثات، وتشتتت بين كل الأيدلوجيات، فجمعتها الطاعات ووحدتها العبادات.

يا كعبة لمّت شتات المسلميـن *** نفخت بهـم روحاً مـن الـروح الأمـين
طافت بها روحي فعانقت اليقين *** وسمعت صوت الحق بالحق المبين

لن تنقضي العبارات ولن يسعف المداد بوصف هذا الركن العظيم، ومن ذاق عرف، ودقيقة هنالك، تغني عن سفر من الكلمات، فلله درّ ركن ديننا الحنيف... الحج**..**